# ንዝክሪ መበል 50 ዓመት 1 መስከረም

ባሕቲ መስከረም ምርሓባ

ባሕቲ ምስከረም መርሓባ

ይመስል ዝቐረበ !

ክውዳእ እዚ ጸበባ፡

ይመስል ዝቐረበ !

ክውዳእ መግዛእቲ

ዕምሮም ዝሐጽረሉ ህግደፋውያን መለኽቲ፡

ይመስል ዝቐረበ

ሰራዊት ኤርትራ ብሰናይ ድልየቱ

ጸገም ህዝቢ ክርኢ ዓይኑ ክኽፈቱ

ነዚ ጠላም ስርዓት ክምሕዎ ካብ ስሩ!

ክም አቲ እተመሰለ

"ኣሕዋት ምስዝሓብሩ ጸላአቲ የባርሩ"

ይመስል ዝቐረበ

ክፍትሖ ኩሎም እሱራት

ብርሃን ዓለም ክርእዩ ክወጽኡ ካብ ጸልማት

ይመስል ዝቐረበ

ውጉኣት ሓርነት

ድሓን ኩኒ ክብሉዋ ስርዓት ባርባርነይት

መመሊሰ ማርሓባ ማርሓባ መስከረም

ሽሻይ ሒዝኪ ንዒ ሽዊት ስርናይ ስገም

ጐላጉል ኤርትራ ዕምባባ ክስለም

ኣኽራናት ኤርትራ ዕንባባ ክስለም

በረኸት ናይ ቀውዒ ሓረስታይ ክጥቀም

ቆፍኡ ክመልኦ ብዘይ ተጫራቲ

ይኣኽለካ ክብሎ ንስሱዕ መንግስቲ፡

ጽህይ ዝሓገዮ

ንህግደፍ ከወፍዮ

ንቡር እዩ ስኢኑ መስከረም ድብስዮ

ሓረስታይ ኤርትራ ኣጆኻ ኣጆኻ በልዮ፡

ይመስል ዝቐረበ!

ኣደታት ክዕልላ

ከቦረአን ሒዘን ኣብ'ቲ ድሙቕ ጓይላ

መጺኽለይዶ መጺኺ መጺኺ እንዳበላ

ይመስል ዝቐረበ!

ክምለስ ንዓዲ! መንእሰይ ኤርትራ፡

ብሰላም ክነብር ኣብ ቅኑዕ ምሕደራ

ክመሃር ክመራመር ሃገሩ ከኽብራ፡

ይመስል ዝቐረበ!

ህዝባውያን ማበራት  ኩለን ክምዕብላ

ንሓዳስ ኤርትራ

ብወኒ ክቕበላ ጸረ ዲሞክራሲ ካብ ሱሩ ክነቕላ

ይመስል ዝቐረበ!

ሕልሚ ወዲ ሃገር

ሕጊ ዲሞክራሲ ብዕሊ ክትግበር፡

ይመስል ዝቐረበ!

ውህደት ማይ ምስ ጸባ

ውድባት ኤርትራ ኩለን ክዕንብባ

ዲክታቶር ኣልጊሰን ንስራሕ ክሸባሽባ

ይመስል ዝቐረበ!

ከብቅዕ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ

ኣብ ክንዲ ዝምዕብል ንጀነራል ከገልግሎ

ናይ ሓንጎል ስራሕ! ክሰርሕ ይኣኽሎ ይኣኽሎ፡

ይመስል ዝቐረበ!

ኣማኒ ብእምነቱ

ኣብ ገዛእ ሃገሩ ክነብር ተደሲቱ

ይመስል ዝቐረበ!

ብሄራት ኤርትራ ኩለን ብሓፈሻ

ማዕረማዕረ ኰይነን ክስጉማ ክምርሻ

ይመስል ዝቐረበ!

ድልየት ናይ ስዉኣት

እታ ዘምጽእዋ ክብርቲ ናጽነት

ብዘይ ውዕል ሕደር ክሰፍና ሓርነት

ይመስል ዝቐረበ!

ኣብ ማእከል ኣስመራ

ኣብ ክንዲ ናይ ፑሽኪን ሓወልልቲ ዓዋተ ክንሰቕላ

ይመስል ዝቐረበ!

ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና

ዓወይት ሞሳን ንህዝቢ ኤርትራ

ብ ኣበባ ዮሃንነስ

24-08-2011